14/10/2016

# ሓጺር ሂወት ታሪኽ ነፍሰሄር ኣበባ ሃይለ

ኣበባ ሃይለ ኣብ 1950 ኣብ ኣስመራ ካብ ኣቦኣ ኣቶ ሃይለን ካብ ኣዲኣ ወ/ሮ ምላሹ ወልደጋብር ተወሊዳ።

ኣበባ ሃይለ መባእታ ትምህርቲ ኣብ ኣስመራ: ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ወዲኣ። ካብ 1968 ክሳብ 1974 ከም ሆስቴስ ኣብ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ እናሰርሐት ቤተ ሰባ ትኣሊ ነይራ።

ኣበባ ሃይለ ሓንቲ ካብተን ብሉጻት ኣዋልድ ኤርትራ እያ ነይራ። ሓንቲ ካብተን:ካብቶም ንኤርትራ ክንገብ ራሳ:ኢሎም ክገብሩላ እምበር ኪትገብረሎም ዘይተጸበያ ወይ ዘይተጸበዩ ዜጋታት እያ።ኣብ 1972 ኣብ ሕምብ ርቲ መደበር ጸላኢ፣ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዕጥቓዊ ቃልሲ ጨንፈር ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ 'ጥሕሻ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ጉጅለ ተወዲባ ንጸላኢ ፊት ንፊት ዝገጠመት ተባዕ መንእሰይ ኢያ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ንጸላኢ ኣዚዩ ዘርዓደ ስርሒታት እጃማ ብምፍጻም ዕዙዝ ተራ ተጻዊታ ኢያ።

ኣበባ ሃይለ ኣብ 1974 ካብተን ፈለምቲ ኣዋልድ ኤርትራ ንመሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት፣ ንብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ 'ደብረ ቢዘን' ናብ 'ደብረ ደንደን' ዚቐየረኦን መሪሕ ተራ ዝተጻወተትን መንእሰይ እያ።

ኣበባ ሃይለ ካብ 1976 ካሳብ 1979 ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ ውግእ ብፍላይ ኣብ ሰሜናዊ ግንባር ኣስመራ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ምርብራብ ምስ ጸላኢ ብተወፋ ይነት ተሳቲፋን:ኣሳቲፋን ኢያ። ኣብ 1976 ኣብ ዚነበረ ግጥም ገሸናሽም ተወጊኣ። ኣብ መስርዕ ህዝባዊ ግንባር ናይ ሽዑ፡ ሓይሊ ውጩ ብብጾታ ፍትውቲ ከም ዝነበረት ብዙሓት ምስኣ ዝነበሩ ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ህዝቢ'ቲ ከባቢ ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ግቡእ ፖለቲካዊ ግዲኡ ንኸበርክት ኣብ ዝግበር ዝነበረ ንጥፈታት ማለት ምንቃሕ:ምውዳብ:ምዕጣቕ: ህዝባዊ ስልጣናት ኣብ ምትካል፡ ምጥያስ ሕርሻዊ መሬት፡ ተራድኦታት ምምስራት፡ ማሕበራውያን ሓይልታት ምውዳብ: ወዘተ ብሓላፍነትን ብትግሃትን ብዙሓት ዝዝክርዎ ግብራዊ ኣበርክቶኣ እያ ሰሪሓ። ብፍላይ መንእሰያት ናይ'ቲ ከባቢ ኣብ ሰውሮኦም ዘይንቕነቕ ፍቕርን እምነትን ከምዝፈጥሩ ጌራ ኢያ።

ኣበባ ሃይለ ካብ 1980 ክሳብ 1983 ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳይ ህግሓኤ በይሩት ሰሪሓ፡ ብውሽጥን ብደገን ዝነበረ ብድሆታት ብትብዓት ዝገጠመት ሓርበኛ ኢያ። ብድሕሪኡውን ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኣባል ኮይና ግቡእ ግዴኣ ዘበርከተት ዜጋ ኢያ።

ኣበባ ሃይለ ኣብ 1980 ምስ ኣምባሳደር እስጢፋኖስ ኣፍወርቂ ቃል ኪዳን ኣሲራ።ኣብ 1983 ድማ ንጓላ ሳባ እስጢፋኖስ ኣፈወርቂ ተበኲራ።

ሓርበኛ ኣበባ ሃይለ ምቕልልቲ ፈቓር ዘይትግበዝ ለጋስን ልዕሊ ኩሉ ድማ ፈቃርን ፈታዊት ኣሳን ቤተሰባን የዕሩኽታን ከምዝነበረት ኩላትና ብቐረባ እንፈልጣ ዚረኣናዮ ሓቂ'ዩ።

እዚ መሪር ዕለት'ዚ እንሓዝነሉ ዕለት ዘይኮነ ሓፍትናን ፈታዊትናን ኣበባ ሃይለ ዝገደፈትልና ዘይተወድአ ጽቡቕ ድሌታት ብሂይወት ክሳብ ዘሎና ክንክተሎምን ኪንፍጽሞምን ኪንጽዕርን መብጽዓ እናኣትወላ መዓልቲ'ዩ።

መላእ ስድራ ቤት ብፍላይ ከኣ ዝፈትውዋ ብዓልቤታን ኣሳ ሕሰም ኣይትርከቡ፡ የቐንየልና ጠሊ ትግደፈልና ኣንዳበልና ካብ ሎሚ ሓዘና ከምዚዓጸና ብትሕትና ንሕብር።ይብሉ ኣለዉ።

ስድራ ቤት ኣምባሳደር እስጢፋኖስ ኣፈወርቂ